Asylum Support Partnership
help and advice

refugee action | North of England Refugee Service | Refugee Council | scottish refugee council | Welsh Refugee Council Cyngor Ffoaduriaid Cymru

January 2010 Tigrignia

# ውቅባ ንዝሓቱ ወለዲ ዝወሃብ ናይ ኣደነት ክፍሊት

ናይ ውቅባ ሓገዝ ካብ ናይ ዓዲ እንግሊዝ ናይ ዶብ ኤጀንሲ (UK Border Agency - UKBA) እንተደኣ ትወሃባ ኣለኽን እሞ፡ ነፍሰጾር ምስ እትኾና ወይድማ ዕድሚኦም ትሕቲ ሰልስተ ዓመት ዝኾኑ ቆልዑ እንተደኣ ኣለውኽን፡ ተወሳኺ ገንዘብ ክትወሃባ ትኽእላ ኢኽን። እዚ ሓጺር ጽሑፍ እዚ፡ ኣብቲ ዝወሃበክን ዓይነት ሓገዝ ዝምርኮስ እንታይ ዓይነት ክፍሊት ከምዝወሃብን ንኽትረኽብኦ እንታይ ክትገብራ ከምዘሎክንን ይገልጽ። ነቲ ዝወሃብ ተወሳኺ ሓገዝ ንምርካብ፡ ኣብ ውሽጢ እቲ ተዋሂቡ ዘሎ ናይ ግዜ ገደብ ነዞም ኣብ ታሕቲ ተገሊጾም ዘለዉ ደረጃታት ክትክተላ ይግባእ።

## ሰሙናዊ ዝወሃብ ተወሳኺ ናይ ገንዘብ ክፍሊት

ገና ነፍሰጾር ከለኽን ከምእውን ድሕሪ ምውላድክን፡ ካብ UKBA ተወሳኺ ክፍሊት ክትወሃባ ትኽእላ ኢኽን። ነፍሰጾር ከለኽን ኣብ ሰሙን ተወሳኺ £3 ክወሃበክን ክትሓታ ትኽእላ ኢኽን። ምስ ወለድክን እሞ ውላድክን ክሳብ ሓደ ዓመት ዝገብር፡ ኣብ ሰሙን ተወሳኺ £5 ክወሃበክን ይግባእ። ውላድክን ሓደ ዓመት ምስገበረ፡ ክሳብ ሰለስተ ዓመት ዝገብር ተወሳኺ £3 ኣብ ሰሙን ይወሃበክን። ውላድክን ሰለስተ ዓመት ምስ መልአ ድማ እቲ ተወሳኺ ክፍሊት የቋርጽ እሞ እቲ ሰሙናዊ ዝወሃብ ሓገዝክን ከኣ እቲ ብ UKBA ንወለድን ደቆምን ዝወሃብ ሰሙናዊ ኣበል ይኸውን።

ናይ ሰክሽን 4 ሓገዝ (Section 4 support) ትቕበላ እንተደኣ ኣሎኽን፡ ካልእ ተመሳሳሊ ክፍሊት ንኽወሃበክን ከተመልክታ ትኽእላ ኢኽን። ብተወሳኺ፡ ምስ ወለድክን፡ ውላድክን 16 ዓመት ክሳብ ዝገብር ንኽዳውንቲ መግዝኢ ዝኸውን ተወሳኺ £5 ኣብ ሰሙን ንኽወሃበክን ከተመልክታ ትኽእላ ኢኽን። ኩሉ ዝወሃበክን ተወሳኺ ክፍሊት ኣብቲ ናይ Azure ካርድኽን ይኣቱ። ዕድሜኦም ትሕቲ 18 ዓመት ዝኾኑ ቆልዑ ምስ ዝህልውኽን፡ ኣብቲ ናይ Azure እትሕዝኦ መጠን ገንዘብ ወይ ሓገዝ ካብ ሰሙን ናብ ሰሙን ዝውሰን ክኸውን የብሉን። እዚ ናይ መጀመርያ ውላድክን እንተደኣ ኮይኑ፡ ናይ ኣደነት ሓገዝ ክትወሃባ ምስተፈቐደልክን UKBA እቲ ካልኣይ ክፍሊት ቅድሚ ምኽፋሉ ካብቲ ቀዳማይ £5 ጥራይ ክተርፍ ኣለዎ ዝብል ኣሰራርሓ ጠጠው ከብሎ ይግባእ።

## ሓደ ግዜ ዝወሃብ ተወሳኺ ናይ ኣደነት ክፍሊት

እቲ ቆልዓ ምስተወለደ እሞ እቲ ስሩዕ ዝኾነ ናይ ሓተቲ ውቅባ ሓገዝ ኣብ እትወስድሉ ግዜ፡ ብተወሳኺ ናይቲ ህጻን ክዳውንቲን ካልእ ዘድሊ ነገራትን ንምግዛእ ዝሕግዝ ሓደ ግዜ ዝወሃብ ተወሳኺ £300 ይወሃበኩም። ማናቱ እንተደኣ ወሊድክን ከኣ £600 ማለት ንነፍሲ ወከፍ ህጻን £300 ትኽፈላ። እዚ ንምርካብ ድማ ኣብ ውሽጢ ሽዱሽተ ሰሙን እቲ ቆልዓ ቅድሚ ምውላዱ ወይድማ ኣብ ውሽጢ ክልተ ሰሙን እቲ ቆልዓ ድሕሪ ምውላዱ ከተመልክታ ይግባእ።

ሰክሽን 4 ድጋፍ እንተደኣ ትወሃባ ኣለኽን፡ ኣብ ሓደ ግዜ ዝኽፈል £250 ንሓደ ቆልዓ ተወሳኺ ክኽፈለክን ከተመልክታ ትኽእላ ኢኽን። መናቱ እንተደኣ ወሊድክን ድማ £500 ትወሃባ። እዚ ድማ ናብቲ ናይ Azure ካርድኽን ይኣቱ። እዚ ንኽወሃበክን ድማ እቲ ቆልዓ ቅድሚ ምውላዱ ኣብ ውሽጢ ሸሞንተ ሰሙን ወይድማ ድሕሪ ምውላዱ ኣብ ውሽጢ ሽዱሽተ ሰሙን ከተመልክታ ይግበኣክን።

## እንታይ ክገብር ይግበኣኒ መዓስከ ክገብሮ ይግበኣኒ?

እዚ ክፍሊት እዚ ንኽወሃበክን፡ ፌርማኽን ዘለዎ ብጽሑፍ ዝቐረበ ሕቶ ናብ UKBA ክትሰዳ ይግበኣክን። ናይ ሰክሽን 4 ሓገዝ ካብ UKBA እንተደኣ ተቐቢልክን፡ እቲ እተቕርብኦ ሕቶ ብምልኡ ነቲ ናይ ሰክሽን 4 ተወሳኺ ክፍሊት ዝብል ፎርም



Asylum Support Partnership is a partnership project hosted by the British Refugee Council
British Refugee Council, (commonly called the Refugee Council) is a company limited by guarantee registered in England and Wales, [No 2727514] and a registered charity, [No 1014576].
Registered office: 240-250 Ferndale Road, London SW9 8BB, United Kingdom, VAT no: 936 519 988

OISC No: N200100132
Community Legal Service

ብምምላእ ነቲ ዝምልከተክን ሕቶታት ዝለዎ ሳንዱቃት ኩሉ ድማ ምልክት ክትገብራሉ ይግበኣክን። እቲ ምልክታ ወይ ሕቶ ድማ ናብቲ ጉዳይክን ዝከታተል ኣካል (case owner) ስሙ ብምጥቃስ ክትሰድኦ ይግባእ። ጉዳይክን ዝከታተል ሰብ እንተደኣ ዘይብልክን ድማ ናብቲ ናይ UKBA ናይ ዞባ ቤት ጽሕፈት ክትሰድኦ ይግባእ።

ዝኾነ ሕቶ ኣብ እተቅርባሉ ግዜ፡ እቲ ኦሪጂናል ሰነዳት ክትሰዳ ይግባእ፤ ደሓር UKBA ሰነዳትክን ክመልሰልክን እዩ። ንዓኻትክን ከም ሪከርድ እትሕዝኦ ድማ ናይ ኩሉ እተቕርብኦ ሕቶታትን ትሰድኦ ሰነዳትን ቅዳሕ ክትሕዛ ይግባእ። እቲ እትልእክኦ ምልክታ ይኹን ኦሪጂናል ሰነዳት ድማ ብምልኡ ብናይ ሓደራ ደብዳበ (‘recorded delivery’) ክትሰድኦ ይግባእ (ብዛዕባ እዚ ድማ ነቶም ናይ ፖስታ ሰራሕተኛታት ተወከስኦም)።

ነዚ ሕቶታት ወይ ምልክታታት ንምቕራብ ሓገዝ እንተደኣ ዘድልየክን ኮይኑ፡ ነቲ ናይ ከባቢኽን ናይ ስደተኛታት ማሕበር ተወከስኦ።

## ነፍሰ ጾር ምስኰንክን፡

እቲ £3 ናይ ኣደነት ክፍሊት ከምእውን እቲ ሓንሳብ ዝኽፈል £300/£250 ናይ ኣደነት ክፍሊት ንኽወሃበክን ናይ ጽሑፍ ሕቶ ናብ UKBA ጉዳይ ዝከታተል ኣካል ክትልእኻ፤ ወይድማ ካብ ሓኪምክን ወይ ነርስኽን ነፍሰጾር ከምዝኾንክን ዘረጋግጽን እቲ ቆልዓ ዝውለደሉ መዓስ ምዃኑ ዝገልጽን MATB1 ዝበሃል ፎርም ክትልእኻ ይግባእ።

ናይ ኣደነት ሓገዝ ንምርካብ ኣብ ውሽጢ እቲ ብUKBA ዝተወሃበ ናይ ግዜ ገደብ ክትሓታ ከምዘሎክን ዘክራ፥

- እቲ ሰሩዕ ዝኾነ ናይ ሓተቲ ዑቕባ ሓገዝ ኣብ እትወስድሉ ግዜ፡ £300 ንኽወሃበክን፡ ኣብ ውሽጢ ሽዱሽተ ሰሙን እቲ ቆልዓ ቅድሚ ምውላዱ ወይድማ ኣብ ውሽጢ ክልተ ሰሙን እቲ ቆልዓ ድሕሪ ምውላዱ ከተመልክታ ይግባእ።
- ሰክሽን 4 ድጋፍ እንተደኣ ትወሃባ ኣለኽን፡ £250 ንኽወሃበክን እቲ ቆልዓ ቅድሚ ምውላዱ ኣብ ውሽጢ ሸሞንተ ሰሙን ወይድማ ድሕሪ ምውላዱ ኣብ ውሽጢ ሽዱሽተ ሰሙን ከተመልክታ ይግበኣክን።

ቅድሚ እዚ ግዜ እዚ እንተደኣ ኣመልኪትክን፡ UKBA ነቲ ዘቕረብክንኦ ሕቶ ኣይርእዮን እዩ። እንደገና ኣብዚ ዝግበኦ ናይ ግዜ ገደብ ክትሰደኦ የድልየክን ከይከውን ብክብረትክን እንደገና ኣረጋግጻ። ሓደሓደ ግዜ፡ UKBA እቲ ቆልዓ ከይተወለደ ናይ ኣደነት ክፍሊት ኣየፍቅድን እዩ፤ ስለዝኾነ ድማ እቲ ቆልዓ ከምእተወለደ መረጋገጺ ሰነድ ከተቕርባ ይሓተክን (ንኣብነት፡ ናይ ልደት ምስክር ወረቐት (birth certificate))።

**ብኽብረትክን፡ ኣብ ውሽጢ እቲ ዝተወሃበ ናይ ግዜ ገደብ እንተደኣ ዘየመልከትክን፡ እቲ ክፍሊት ከምዘይወሃበክን ኣስተውዕላ።**

## እቲ ህጻን ምስተወለደ፡

ናብቲ ናይ መዝገብ ቤት ጽሕፈት ብምኻድ ንውላድክን ብዝተኻእለ መጠን ቀልጢፍኩም ኣመዝግብዎ። ናይ ናጻ ’ሓጺር ትሕዝቶ’ ናይ ልደት ምስክር ወረቐት ክህብኹም እዮም። ከምእውን ውሑድ ብምኽፋል ’ነዊሕ ትሕዝቶ’ ዝርዝር ዝኾነ ሓበሬታ ዝሓዘ ናይ ልደት ምስክር ወረቐት ክወሃበኩም ይኽእል እዩ። **ክልቲኡ ዓይነት ናይ ልደት ሰርቲፊኬት ክትወስድዎ ይግበኣኩም።** ሰክሽን 4 ድጋፍ እንተደኣ ትወሃባ ኣለኽን፡ ናይቲ ነዊሕ ሰርቲፊኬት ዝኽፈል ገንዘብ ክወሃበክን ካብ UKBA ክትሓታ ትኽእላ ኢኽን።

ውላድክን ኣብቲ ዝወሃበክን ሓገዝ ከምዝተወሰኸ ንምርግጋጽ፡ ፌርማኽን ዘልዎ ናይ ጽሑፍ ሕቶኽን ናብ ጉዳይክን ዝከታተክ ኣካል ክትልእኽኦ ይግባእ። እቲ ’ነዊሕ ትሕዝቶ’ ኦሪጂናል ናይ ልደት ምስክር ወረቐት ኣተሓሒዝክን ክትልእኽኦ ይግባእ። UKBA ነቲ ዘቕረብክንኦ ሕቶ ምስተቐበለ፡ ነዚ ኣብ ላዕሊ ተገሊጹ ዘሎ ክፍሊት ናብቲ ናይ ሓተቲ ዑቕባ ሓገዛት ክውስኾ እዩ።

እቲ ሓገዝ ክፍሊት ኣብ ውሽጢ ክልተ ወይ ሰለስተ ሰሙን እንተደኣ ዘይጀመረ ናብቲ ናይ ከባቢኽን ናይ ስደተኛታት ማሕበር ብምኻድ ተወከሳ።

ቆልዑ ዘዕብኡ ሰብ ሓዳር ዘይኮኑ ኣቦታት እውን እታ ኣደ እንተደኣ ዘየላ ኮይና፡ ተወሳኺ ሓገዛት ንምርካብ ነዞም ኣብ ላዕሊ ዝተገልጹ መንገዲታት ብምኽታት ከመልክቱ ይኽእሉ እዮም።



Asylum Support Partnership consists of:

North of England Refugee Service, charity number: 1091200 www.refugee.org.uk
Refugee Action, charity number: 283660 www.refugee-action.org.uk
Refugee Council, charity number: 1014576 www.refugeecouncil.org.uk
Scottish Refugee Council, charity number: SC008639 www.scottishrefugeecouncil.org.uk
Welsh Refugee Council, charity number: 1102449 www.welshrefugeecouncil.org